# ዕዉት ኣኼባ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ን/ጨንፈር ካሮላይና

ኣብ ሰሜንን ደቡብን ካሮላይና እንርከብ ተጋሩ ብዕለት 18 ማርች 2006 ኣብ ከተማ ሻርሎት ዕዉት ኣኼባ ኣሳሊጥና። እቲ ኣኼባ ማልት ካብትጣየሽ ኣብ ትግራይ ዘሳለጦም መደባት ልምዓት ብዶ/ር ሰለሞን ኣብራሃም ብዝቐረበ ፀብፃብ ተጀሚሩ። ብምቕፃል ብዛዕባ ፕሮጀክት ተኮር ኣንፈት ልምዓት ማልት ብኣቦመንበር ማልት ኣንባሳደር ተወልደ ገብሩ ብቴሌዘተ (Teleconference) መብርሂ ቀሪቡልና እዩ። ብተመሳሳሊ ዶ/ር ሰለሞን ኣብርሃም ማልት ን/ጨንፈር ካርላይና ዛጊድ ዘሳለጦም መደባት ልምዓት ንኣምባሳደር ተወልደ ኣብሪሆምሎም።

ቀፂሉ ኣብ ወረዳ ሽራሮ ጣብያ መንጠብጠብ ብኣባላት ማልት ጨንፈር ጀርመን ዝስራሕ ቤት ትምህርቲ እምነ ኩርናዕ እንትንበር ዘመልክት ደኩመንተሪ ፊልም ቀሪቡልና። ድኽነት ሕብረተሰብና ንምፍታሕ ንፅባሕ ኣብዘይበሃሎ እዋን ከምዘሎና ዘመላኽት ደኩመንተሪ ነይሩ።

ብምቕፃል ኣባላት ማልት ን/ጨንፈር ካሮላይና ነቲ ን/ጨንፈር ማሕበር ዝመርሕ ሓሙሽተ ኣባላት ዝሓቖፈ ኣመራርሓ መሪፅና። እቲ ኣመራርሓ ቀፀልቲ መደባት ማልት ንምስላጥ ዝኽእል መምርሒ ስራሕ ኣዳሊዩ ኣብ ቀፃሊ ኣኼባ ከቕርብ መደብ ሂብናዮ።

ኣብቲ እዋን ብማልት ዝተዳለወ ሎተሪ ንመሸጣ ቐሪቡ ብርክት ዝበሉ ዕጫታት ዘተሸጡ እንትኾኑ፣ ናይ ገንዘብ ወፈያ'ውን ተገይሩ እዩ። እዚ ኣኼባ ዕውት ነይሩ ዘበልና ግና ኣሰራት ማልት ጨንፈራት ላስ ቬጋስ፣ ጀርመንን ጅዳን ብምስዓብ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሓደ ቤት ትምህርቲ ንምስራሕ ፕሮጀክት ንምውሳድ ምውሳንና ነይሩ። ማልት ን/ጨንፈር ካሮላይና ነዚ ሓላፍነት ንምውሳድ ራብዐይቲ ንምኳን እንትትውስን ብዝልዓለ ወነን ወገናዊ ተቖርቋርነትን ነይሩ።

ኣቦታት ዓፋር "ኣኽልብቲ ይነብሑ፣ ኣግማል ይጕዓዙ" ኢሎም ይምስሉ። ተጋሩ ነዚ ብሂል ካብምስዓብ፣ ካልእ ካብድሕረትን ድኽነትን ከውፀኣና ዝኽእል መማረፂ መንደፂ የብልናን። ውሕውሕታ ፀላእቲና ኣብ በረኻ ክምዝተውሓጠ መቓልሕ ዝጠፍእ ኣርቃይ ዘንግና ብልምዓት እንትነሕይል ጥራሕ እዩ።

## ማልት ን/ጨንፈር ካሮላይና